Stg. Eritrean Disabled Foundation
in the Netherlands

ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኣብ ሆላንድ

## ጻውዒት ንሰብ-ሕልና ግዱሳት ኤርትራውያን

## ሓገዝ ኣብ ሱዳን (ከሰላ) ንዝርከቡ ኣካለ ጽጉማን

ብቐዳምነት ካብ'ዚ ኣብ ዓለምና ወሪዱ ዘሎ ናይ ኮቪድ-19 ለበዳ ሕማም ድሓን ንኽትህልው ንምነ። ብምቕጻል ፣ ልዕላውነት ሃገርና ብኽቢድ መስዋእትን ስንክልናን ዝተረጋገጸ ምዃኑ ምሕባር ዘድልዮ ሓቂ ኣይመስለናን። ንክቡራት ስዉኣትና ሞጎስ፣ ነዞም ነጽነት ሃገር ንምርግጋጽ ኣካላቶም ዝሰንከሉ ሓርበኛታት ድማ ኣለናልኩም ክንብሎም፣ ኤርትራዊ ሕልና እዩ ንብል።

ኣብ ከሰላ መደብር ኣካለ ጽጉማን ኤርትር ዝርከቡ ሓርበኛታት ውጉኣት ሓርነትን ፣ ብሓደጋን ብባህሪ ዝሰከሉ ኤርትራዊያን ፣ ብሓገዝ ግዱሳት ኤርትራውያንን ብማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ብጉቡእ ይእለዩን ይመሓደሩ ጸኒሖም ኣለዉ ። ይኹን እምበር ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ብምኽንያት ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ኩነታት መነባብሮ ሱዳን ኣዚዩ ኣሻቓሊን ከቢድን ኰይኑ ይርከብ።

ኣብ ሃገር ሆላንድ እንነብር ግዱሳት ኤርትራውያን ንጸገማት ሓርበኛታት ስንኩላን ተጋደልቲ ብምርዳእ ብሕጊ ዝነጥፍ ማሕበር ግበረ ሰናይ ብምቛም፣ካብ ግዱሳት ኤርትራውያን ሓገዝ ብምሕታት፣ ከምኡ'ውን ናይ ድራር ዕድመ ብምድላው ፣ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ኣስተዋጽኦ ክገብር ዝጸንሐን ዘሎን ማሕበር ኣሎ። እንተኾነ እዚ ዝተጠቕሰ ሕማም ለበዳ ኮሮን ቫይሩስ ነዚ ናይ ሓገዝ ንጥፈታት ንከይንገብር ዓንቂፉና ይርከብ።

ሰለዚ ክቡራት ኤርትራውያን ፣ ነዚ ርዱእ ምኽንያት ኣብ ግምት ብምእታ፣ ከምኡ'ውን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜግነታዊ ግዴታ ስለዝኾነ፣ ሕልናዊ ሓገዝ ክንገብረሎም ሓገዝኩም ናብ'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ሕሳብ ባንክ ክትሰዱ ብትሕትና ንሓትት።

ሕሳብ ባንክ ማሕበር ጨንፈር ዉጉኣት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሆላንድ ፦

**STG ERITREAN DISABLED FOUNDATION IN THE NETHERLAND**
**|Account number: BANK NL20INGB0005169954 እዩ ።**

ንዝኾነ ሕቶ ናብ ፣ +31654697222 _ +31686358278 ክትድውሉ ትኽእሉ።

ንስለ እተወፍዩዎ ሓገዝኩም ኣቐዲምና ነመስግን!!!
ሽማግለ ማሕበር፣ ጨንፈር ዉጉኣት ሓርነት ኤርትራ
ኣብ ሆላንድ